ቢሮ ሓለዋ ጥዕና ክልል ትግራይ ንቢሮና ግልጋሎት ዝዉዕል ሎት 1 ናይ ሕትመት ሰራሕቲ፣ ሎት 2 ኮምፒተርን ተዛመድትን ኣቅሑትን ፣ ሎት 3 ጎማ መኪና ብግልፂ ጨረታ አወዳዲሩ ካብ ሕጋውያን ነጋዶ ክዕድግ ይደሊ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሓሙስ ታሕሳስ 18, 2011 (ልዕሊ 7 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጥሪ 2, 2011 3:30 ቅ/ሰዓት (ሓሊፉ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:5000.00
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:50.00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጥሪ 2, 2011 4:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: መለዋወጢ ኣቁሑት ተሽከርከርቲ/ ኮምፒተርን ተዛመድቲ / ናይ ኮምፒተር ተዛመድቲ አቁሑትን/ ናይ ሕትመት ስራሕቲ/

ተጫረቲ ከማልኡዎም ዝግብኡ ረቋሕታት

1 ዝተሓደሰ ፍቃድ ንግዲ ከቅርብ ዝኽእል

2 መረዳእታ መለለይ ወረቀት ምስክር ክተቕርቡ ትኽእሉ::

3 ተጫረቲ ተወሳኪ እሴት ታክስ ምምዝጋብኩምን ናይ ወርሒ ጥቅምቲ 2011ዓ/ም ድክለሬሽን ዝገበርኽሙሉ መረዳእታ ክተቕርቡ ትኽእሉ::

4 ናይ ዘመኑ ዝተሐደሰ ናይ ብመቕረባይነት ሰረተፍኬት መረዳእታ ክተቕርቡ ትኽእሉ::

5 መኽበሪ ጨረታ ንሕድሕድ ብስፒኦ /CPO/ 5000.00 ሽሕ ቅርሺ ብስፒኦ/CPO/ ክትሕዙ እትክእሉ::

6 ናይ ጨረታ ሰነድኩም ብዝተኣሸገ ኢንቨሎፕ  ሓደ ኦርጅናል ሓደ ቕዳሕን ነዚ  ጨረታ ተባሂሉ ናብ ዝተዳለወ ናይ ጨረታ ሳንዱቕ ኣብ ንኡስ ከይዲ ስራሕ ዕዳጋ ቢሮ ቑፅሪ 42 አብ ናይ ስራሕ ሰዓት ምእታዉ ትኽእሉ::

7 እቲ ጨረታ ካብ 17/04/2011 ዓ/ም ጀሚሩ ን 15 መዓልቲ ኣብ አየር ዝፀንሕ እንትኸዉን 02/05/2011 ዓ/ም ቅድሚ ሰዓት 3:30 ተዓፅዩ በዚ ዕለት ሰዓት 4:00 ይኽፈት::

8 ሰዓራይ ትካል ብዝተውሃቦ ስፐስፊኬሽን መሰረት  ዘቕርብ መወዳደሪ ዋጋ ቫት ሓዊሱ  ከቕርብ ይግባእ። አብ መወዳደሪ ዋጋ  ቫት ከይሓወሰ ዘቕረበ ተጫራታይ ቫት ከምዝሐወሰሉ ይዉሰድ::

9   ብስፐስፊኬሽን መሰረት ሰዓራይ ትካል ብናይ ባዕሉ መጎዓዓዝን ናብ ቢሮ ሓለዋ ጥዕና ክልል ትግራይ አታዊ ይገብር

10 ሰዓራይ ዉዕሊ ካብ ዝአሰረሉ ዕለት ጀሚሩ ሎት 1ስራሕቲ ሕትመትን ፣ ሎት 2ኮምፒተርን ተዛመድትን   ኣብ ዉሽጢ 30 መዓልቲታት ሎት 3 ጎማ መኪና  ኣብ 15 መዓልቲ ኣታዊ ዝገብር ይኸውን።ናይ ጨረታ ሰነድ ካብ ከይዲ ዕዳጋ ቢሮ ቑፅሪ 42 ዘይምለስ ብር 50.00 ብክፍል ምዉሳድ ትኽእሉ::

11 ጨረታ ዝኽፈተሉ ዕለት በዓል እንተኾይኑ ኣብ ዝቅፅል ናይ ስራሕ መዓልቲ ይኽፈት።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

12 ቢሮ ሐለዋ ጥዕና ዝሐሸ መማረፂ እንተረኺቡ እቲ ጨረታ ብምሉእ ይኹን ብኽፋል ናይ  ምስራዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ።

13 ብተወሳኺ ብመምርሒ ስርዓት ዕደጋ መንግስቲ ትግራይ ኣዋጅ ቁፅሪ 255/2007መምርሒ ቁፅሪ 04/2007 ዝተገዝአ ይኸውን።

ንተወሳኪ ሐበሬታ ቢሮ ሐለዋ ጥዕና ክ/ ትግራይ ስ.ቁ  0344-404715/ ምድዋል ይከአል:

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle